## ኣገልግሎት ምኽሪ

- ብኣካል፣ ብተሌፎን ወይ ብኣገልግሎት ምኽሪ ኦንላይን
- ኣድላይ ኣንተኾይኑ ኣስተርጎምቲ ንጥቐም
- ብቀሊል ቋንቋን ቋንቋ ምልክት ኢድን ይከኣል እዩ

## ቆጸራትት ድሕሪ ምስምማዕ

ምሳና ቆጸራ ብተሌፎን ወይ ብኢመይል ግበሩ ብኽብረትኩም።

## በዚ ክትረኽቡና ትኽእሉ

ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ሰዓት 9 ቅ.ቀ. – 4 ድ.ቀ.
ከምኡ'ውን ዓርቢ ሰዓት 9 ቅ.ቀ. – 1 ድ.ቀ.
ክፉታት ግዜታት፥ ሓሙስ ሰዓት 9 – ፋዱስ

ተሌፎን 0 60 31 - 1 66 77 3
ፋክስ 0 60 31 - 68 54 53 0
ኢመይል info@frauenhaus-wetterau.de
www.frauenhaus-wetterau.de

## ኣገልግሎት ምኽሪ ኦንላይን

ምጽሓፍ ይቐለኩም ሕጂ፧
ተንቀሳቓሲ ኣይኮንኩምን፧ ጸሓፉልና ሽዑ።
ብዝስዕብ መርበብ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ኦንላይን ክትበጽሓ፥
https://onlineberatung.frauenhaus-wetterau.de

## Frauen helfen Frauen Wetterau

ኣንስቲ ነንስቲ ይሕግዛኣን Wetterau ዝብሃል ማሕበር ካብ ዓመጽ ዝተፈኸራ ወይ ብዓመጽ ዝተተንከፋ ኣንስቲ ክሕግዘን ከምኡ'ውን መዕቆቢ ክህበን ቀንዲ ዕላማኡ እዩ።

እቲ ማሕበር ካብ ብዙሓት ዓመታት ኣትሒዙ ቤት ኣንስቲ ከምኡ'ውን ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽርን ጨንፈር ጣልቃን የመሓድር።

ሽሕ'ኳ ገንዘባዊ ሓገዝ እናሃለወ እቲ ማሕበር ብትኳቦታት እዩ ዝነብር።


## ናይ ትኳቦ ሕሳብ

Frauen helfen Frauen Wetterau e. V.
Sparkasse Oberhessen
IBAN: DE80 5185 0079 0030 0080 06
BIC: HELADEF1FRI

## ርክብ

ተሌፎን 0 60 31 - 1 53 53 / 54
ፋክስ 0 60 31 - 1 53 58
ኢመይል info@frauenhaus-wetterau.de

Frauen helfen Frauen Wetterau e. V.



# መንገድታት ናብ ወጻኢ ዓመጽ

ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽርን ጣልቃን ንብዘቤታዊ ዓመጽ ዝተተንከፋ ኣንስቲ

Saarstraße 30 · 61169 Friedberg
ተሌፎን 0 60 31 - 1 66 77 3

Frauen helfen Frauen Wetterau e. V.

## ኣብ ገዛ


ንስኹም ወይ ደቅኹም ንቕዓት፣ ምጽራፍ፣ ፈኸራ፣ ዓመጽ ትምኮሩ ዲኹም፣

እዚ ከትጻወሩ ኣየድልየኩምን!

ካብ 1 ጥሪ 2020 ሕጊ ምክልኻል ዓመጽ ኣብ ተግባር ውዒሉ።


ምስዚ ሕጊ ናይ መሰላትን ምክልኻልን ኣማራጺታትኩም ከድልደሉ እዮም።

ኣብ ምኽባር መሰላትኩም ብሕጊ ምክልኻል ዓመጽ ንሕግዘኩም ኢና። እዚ ሕጊ እቶም ግዳያት ዓመጽ ዘይኮኑ፣ ግና እቶም ገበርቲ ካብቲ ኣፓርታማ/ገዛ ክወጹ ከምዘለዎም ይብል እዩ።




## ጨንፈር ኣገልግሎት

- ሓገዝ ዝደልያ ኣንስቲ ንመኽረንን ነሰንየንን ኢና፣ ኲነት ዓመጽ ምእንቲ ጠጠው ከነብሎ።
- ሞያተኛታት፣ ኣዝማድ ከምኡ'ውን ዝተሓባበሩ ብዓል-መዚታትን ትካላትን ንመኽሮምን ንሕብሮምን።
- ናይ ዝኾኑ ዓይነታት ዘቤታዊ ዓመጽ ምኽሪ ንህብ ኢና፥ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላታዊ፣ ጾታዊ፣ ቍጠባዊ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ዓመጽ ይኹን።
- ብዛዕባ ረብሻ (Stalking)፣ ምፍርራሕ ናይ ክብረት ቅትለት፣ ዝተገደደ መርዓ ከምኡ'ውን ኣብ ኢንተርነት ዘሎ ዓመጽ ውን ምኽሪ ንህብ።
- ንኩለን ኣንስቲ ንመኽረን፣ መበቈለንን መጸንሒ ፍቓደንን ብዘይየግደስ።
- ካብ ዝኾነ ሃይማኖት ዘይተመርኮሰ ምኽርን ሓገዝን ብነጻ ንህብ።
- ንዝኾነ ሓበሬታ ብስቱር ንተሓዝ ከምኡ'ውን እንተተደልዩ ብስመ-ስውር ምኽሪ ንህብ።




## ቀረብ

- ምጽራይ ግላዊ ኩነት፣ መስርሕ ውልቃዊ መደብ ምክልኻል
- ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጋውያን ጉዳያት ብምኽባር ሕጊ ምክልኻል ዓመጽ፣ ሓገዝ ኣብ ምጥላብ ትእዛዝ ሓለዋ ከምኡ'ውን ምዕዳል ገዛ/ኣፓርታማ፣ እንተተደልዩ ምስናይ ናብ ቤት-ፍርዲ
- ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምኽሪ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ምፍላይን ፍትሕን
- ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጊ ሞግዚትነትን ኣተሓሕዛን ንቆልዓኹም
- ሓገዝ ኣብ ምቕራብ ጠለባት ብዛዕባ ምርግጋጽ መነባብሮ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ኣንጻር ዓመጽ ዝኸውን መርበብ ሓገዝ፣ ኣድላይ ተኾይኑ ምምሕልላፍ ናብ ካልኦት ጨናፍር ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ሞያዊ ኣገልግሎት፣ ብዓል-መዚታትን ትካላትን